# ኵቱባት ኮሮና ካብ ውሽባ-ለብዒ ሕድገት ይወሃቦም

ክልቲኡ መርፍእ ወይ ምሉእ ክታበት ኮሮና ዝወሰዱ ካብ ሕጂ ንንኔው ኣብ ውሽባ ለብዒ ክኣትው ኣየድልዮምን ኢዩ። ቀዳማይ መርፍእ ዝተኸተቡ፡ ካብ ዝኸተቡ ካብ ሰለስተ ሳምንታት ክሳብ 12 ሳምንታት ምስ ዘሕልፉ ንከይውሽቡ፡ ማለት ብሰንኪ ለብዒ ካብ ምውሻብ ሕድገት ይወሃቦም፡ እዚ ግና ድሕሪ ምስ ዝተላብዐ ሰብ ምቕራቦም ካብ ሳልስቲ ክሳብ ሻብዓይ ዘሎ ምዓልታት ምስ ዝምርመሩ ጥራሕ ኢዩ። እዚ ለውጢ እዚ ካብ ዕለት 4 ግምቦት ኣትሒዙ ኣብ ግብሪ ይውዕል።

እዚ ምቅይያር እዚ ዘተኣታትዎ ዘሎ መንግስቲ ኵይኑ ብመስረት ዝተዋህበና ምሕጽንታታት ናይ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ዝተበጽሐ ኸኣ ኢዩ።

– ልዕሊ 1,3 ሚልዮን ኖርወያውያን እንተወሓደ ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ኮሮና ተኸቲቦም ኣለው። ንኩቱባን ካብ ውሽባ-ለብዒ ሕድገት ምሃብ ኣዝዩ ጥዑም ዜና ኢዩ፡ ንብዙሓት'ውን ምዓልታዊ ህይወቶም ከየፋኹሰሎም ኣይተርፍን ኢዩ ብምባል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ ብወገኑ ፍሰሃኡ ይገልጽ።

እዞም ምሉእ ክታበት ዝተኸትቡ ምስቶም ኣብዘን ሽድሽተ ዝሓለፋ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ዝሓመሙ ብማዕረ ይስርዑ ኣለዉ ማለት ኢዩ፡ ስለዚ ኸኣ ካብ ውሽባ ይገላገሉ ኣለው። ስለዚ እውን ምሉእ ክታበት ዝተኸትቡ ምስ ካልእ ብኮሮና ዝተለብዐ ድሕሪ ምቕራቦም መርመራ ኮሮና ንክምርመሩ ዝሓቶም ኣካል የለን ማለት ኢዩ። ኩቱባን ወይ እዘን ሽድሽተ ዝሓለፋ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ዝሓመሙ እናተወሸቡ ተጸበዩ ተባሂሎም ንከይሕተቱ ብዝብል ድሮ ብኣግኡ ጸዲቑ ጸኒሑ ኢዩ።

## ቀዳማይ መርፍእ ኮሮና ጥራሕ ዝተኸተቡ

ቀዳማይ መርፍእ ኮሮና ዝተኸተቡ ሰባት ካብ ዝኸተቡ ካብ ሰለስተ ሳምንታት ክሳብ 12 ሳምንታት ምስ ዘሕልፉ ካብ ምእታው ውሽባ-ለብዒ ናጻ ይብሃሉ፡ እዚ ግና እንተድኣ ድሕሪ እቲ ምስ ዝተላብዐ ሰብ ምቕራቦም ካብ ሳልስቲ ክሳብ ሻብዓይ ዘሎ ምዓልታት መርመራ-PCR ምስ ዝምርመሩ ጥራሕ ኢዩ። እቶም ክምርመሩ ዘይደልዩ ወይ ዘይክእሉ ግድን ኣብ ውሽባ-ለብዒ ክኣትው/ክውሸቡ ይግደዱ።

– እቶም ክልተ መራፍእ ክታበት ክኸተቡ ዘለዎም ሰባት፡ ክታበት ኮሮና ምሉእ ኣድማዕነት ኣብ ነብሶም ክህልዎን ኩነተ-ክትበቶም ብወግዒ ከም ክቱባን ክፍለጡሎምን እንተኹይኑን እቲ ካልኣይ መርፍእ ክታበት ልክዕ ኣብ ግዜኡ ንክኽተብዎ ኣገዳሲ ከም ምኳኑ ሚኒስተር ሀይየ የገናዝብ። ንዝተኸትቡ ሰባት ንኖርወይ ምስ ኣተው ክውሸቡ ኣለዎም ዝብል ሕጊ ብዝምልከት ዝኾነ ምቅይያራት ዝግበረሉ የለን። ብወገን መንግስቲ ይግምገመሉ ኢዩ ዘሎ።

## ኩቱባን ካብ ውሸባ ክወጽኡ ይኽእሉ ኢዮም

ኣብ ውሸባ-ለብዒ ኣትዮም ንዘለው ኩቱባን ድሕሪ እዚ ምቅይያር ኣብ ግብሪ ምውዓሉ እንተድኣ ካብ ዝኸተቡ ሰለስተ ሳምንታት ሓሊፉ ኰይኑ ካብ ውሸባኦም ክወጽኡ ይኽእሉ ኢዮም። እቶም ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ጥራሕ ወሲዶም ዘለው ኸኣ ካብ ውሸባኦም ክወጽኡ እንተኾይኖም፡ መርመራ-PCR ካብ ሳልስቲ ክሳብ ሻብዓይ ዘሎ ምዓልታት ድሕሪ ምስ ብኮሮና ዝተለብዐ ምቕራቦም ምስ ወሰዱ ጥራሕ ኢዮም ካብ ውሸባኦም ክወጽኡ ዝኽእሉ።

ምሉእ ክታበት ዝተኸተቡ ካብ ውሸባኦም ምስ ወጽኡ ክምርመሩ ኣየድልዮምን ኢዩ።

## መረዳእታ ውሸባ-ለብዒ

መቃርብቲ ናይ ሓደ ብኮሮና ከም ዝተለብዐ ዝተረጋገጸ ሰብ ካብታ ምስኡ ዝቐረቡላን ዝተራኸቡላን ህሞት ክውሸቡ ኣለዎም። እንተድኣ መቃርብቲ ናይ ሓደ ብኮሮና ከም ዝተለብዐ ዝተረጋገጸ ሰብ ኰይንካ ኣናደይቲ ምንጪ ለብዒ ክውከሱኻ ኢዮም፡ ምስ ተወከሱኻ ድማ እቲ ንዓኻ ዝምልከተካ ሓበሬታታት ይህቡኻን እንታይን ክትገብር ከም ዘለካ ኸኣ ይሕብሩኻን።

[ንውሸባ-ለብዒ ዝምልከት ሕግታት ኣብ helsenorge.no ተመልከት](https://helsenorge.no)